# ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፈነዋን ቃለ-ማሕትትን፧

ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፈነዋ ካብ ዕለት 28 ሚያዝያ 2005 ጀሚሩ ሃገራውን ዞናውን ኣህጉራውን ጉዳያት ኣልዒሉ ኣብ ናይ ትግርኛ መደቡ፡ ምስ ተጋዳላይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ሰፊሕን ኣገዳስን ቃለ ማሕተት ኣብ ምክያድ ይርከብ። ዝርዝር ናይቶም ክሳብ ሕጂ ዝቐረቡን ዝተመለሱን ሕቶታት ኣዞም ዝስዑ ኰይኖም፡ መደብና ገና ቀጻሊ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ዝመጽእ እቲ ዝተረፈ'ውን ከነስዕቦ ኢና።

1. ኣብ ዝርዝር ናይቲ ኣዳሊናዮ ዘለና ሕቶታት ቅድሚ ምእታውና ግን፣ ከም መበገሲ ንክኾነና ህልዊ ኩነታት ሃገርና፣ <u>ሓባራዊ ሃገራዊ ዕዮን ዲሞክራስያዊ ለውጥን</u> ዝብሉ ኣምራት ዓብላሊ ቦታ ሒዞም ዘለውሉ እዋን ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ብመንጽር ክብደቶም ኣብ ምምላስ ናይዞም ኣገደስትን እዋናውያንን ዝኾኑ ጉዳያት እዚኣቶም፣ ህዝብና ኣበየና ደረጃ ይርከብ ኣሎ ክባሃል ይካኣል?
2. ቅድሚ ምቋም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ደምበ ተቃወምቲ ኣብ ብርቱዕ ምፍንጫላትን ምስሕሓባትን ዘይምቕዳውንዩ ጸኒሑ፡፡ ኣብ ብዙሕ ኤርትራዊ ከባቢታትውን ተቃወምቲ ውድባት ተዛትየን'ስ ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ክበጽሓ ይኽእላ ኢየን ዝብል ተስፋታት ኣብዘይነበረሉ ግዜዩ፤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኩሉ ሓቆፍ ኰይኑ ዝተመስረተ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኵነታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንኽምስረት ዝገበረ ቀንዲ ምኽንያታት እንታይ ምንባሩ መብራህካልና ዶ?
3. ኣብ ገለጻኻ ኣብ ምቛም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምቹእ ዞናዊ ኩነታት ምንባሩ ጠቒስካ፡ ሓጋዚ ተራ ነይርዎ ማለት'ዩ። ብርግጽ! ግደ ናይዘን ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት ኣብ ምቛም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እንታይ ነይሩ ክባሃል ይካኣል? ቀዳማይ ኣኼባ ናይዚ ሎሚ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣቍሙ ዘሎ ኣካላትን፡ ኣኼባ ናይ ሰንዓ ስምምዕ ሃገራትን ኣብ ሓደ ግዜን ኣብ ሓደ ቦታን ምክያዱ በቲ ሓደ ሸነክ፡ ምስቲ ገለ መሪሕቲ መንግስታት ብተናጸል ኮነ ብሓባር ምስ መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ዝገበርዎ ርኽክባት ብኻልእ ሸነኽ ብምርኣይ፣ ኣብ ገለ ኤርትራዊ ከባቢታት ንውጽኢታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብኣሉታ ከጠምቶ ዝኽእል ዶ ኣይመስለካን?
4. ኣብ ምቋም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኢድ ኣእታውነት ናይ ግዳም ሓይልታት እንተዝነብሮ መርገጽ ውድብና ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ እንታይ ምኾነ ነይሩ?
5. ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ዝተሓተ ነጥበ ስምምዕ ተጠርኒፎም ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቅላስ ካብ ኮነ መሰረታዊ መበገሲኦም፡ ሽርዕያ ይኹን ያታዊ ሕግታት ከምኡውን ንብሄራት ዝምልከት ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ቅዋም ክዝውተር ከም ዓንቀጽ ኣብቲ ቻርተር ኣስፈረሞ ኣለዉ። ንህዝበ ውሳኔን ቅዋም ሃገርን ዝምልከት ጉዳያት ኣልዒሎም ኣብ ቻርተር ናይ ቃልሲ ምስፋሮም እንታይ ተደላይነት ስለዝነበሮ'ዩ መጺኡ? ነቲ ገና ብህዝቢ ክሕገግን ክጸድቕን ዝግባኦ ናይ መጻኢ ሕገ-መንግስቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅድመ ኵነት ኣቐሚጥካሉ ምጽናሕ ከ ዕንቅፋት ኣይኰኖንዶ ይመስለካ? ኣብ ግደ ናይ ህዝቢ ኣቲኻ ውሳኔታት ምውሳድ ከ ገደብ ናይ ቃልስዊ ዕ ማማት ምስሓት ዶ ኣየምስልን?
6. ናይ ብሄራት ሕቶ ክሳብ ምንጻል ዝብል መርሆ፣ ብሃገራውን ዞናውን ደረጃ ክሳብ ክንደይ ሓደገኛን ተኣፋፍን ምዃኑ እንዳተራእየ እንከሎ፡ እቶም ነዚ ከም ዕላማ ወሲዶም ኣብ ቻርተር ንኽሰፍር ዝገበሩ ኣባላት ኤ.ዲ.ኪ. ዝኾኑ ውድባት ንዝገበርዎ ድፍኢት ብኸመይ ትርእዮ?
7. ሕጂ ብዛዕባ ሽርዕያን ብሄራትን ኣልዒልካ ኣብ ውሳኔታት ምብጻሕከ፡ ነቲ ዝባሃል ተጽዕኖ ናይ ከባቢ መንግስታት ብፍላይ ሽርዕያ ዝብል ኣብ ሱዳን ስለዝጭራሓሉን፡ ናይ ብሄራት መሰል ርእሰ-ውሳኔ ክሳብ ምንጻል ዝብልውን ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጸዲቑ ስለዘሎን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን በዘን ናይ ከባቢ ሃገራት እዚኣተን ዝጓሰ ዘሎ ኣየምስሎን ዶ ይመስለካ?
8. ካልኣይ ዓንቀጻት ቻርተር ኤ.ዲ.ኪ፡ "ብተጋድሎ ህዝቢ ዝተረጋገጸ ልኡላውነትን <u>ሓድነት መሬትን ህዝብን ኤርትራ ምዕቃብ"</u> ኢዩ ዝብል፡ እዚ ምስቲ <u>"ብሄራት ኤርትራ ጉዳያቶም ባዕላቶም ናይ ምውሳን መሰል ምርግጋጽ"</u> ዝብል፣ ደረት ኣልቦ ዝኾነ ውሳኔ ተጋራጫዊ ዶ ኣይመስልን?
9. እስኪ በል ናብ ህዝቢ ክንሓልፍ፣ እዚ ዝበልካዮ ብደረጃ መራሕቲ ውድባት ዝተራእየን ዝተዘርበሉን ክኸውን እንከሎ፡ ክሳብ ሕጂ ብዝተኻየደ ድህሰሳን ትዕዝብትን ከ፡ ህዝቢ ነዚ ኣብ ደምበ ተቃውሞ ዝኸደ ጉዳያት ብኸመይ ይመዝኖ ዝብል ሚዛን ኣለካ?